# ናይ ሓበሬታ ወረቐት

# ብዛዕባ መከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 (**Co**rona **Vi**rus **D**isease 20**19**)

# – ምስ mRNA-ነገራት ክታበት –

መርገጽ፦ 11 ጥሪ 2021 (እዚ ቅጥዒ መግለጺ ብቀጻሊ ይሕደስ ኣሎ)

ስም ናይ’ቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ፥
(በይዘኦም ይሓትምዎ)

ዕለት ልደት፦

## COVID-19 እንታይ እዩ?

ኮሮና ቫይረሳት ብውሕዱ ን ልዕሊ ዓሰርተ ዓመታት ዝፍለጡ እዮም። ድሕሪ 2019/2020፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ሓድሽ ኮሮና ቫይረስ ይዝዋወር ኣሎ፣ እዚ ድማ SARS-Coronavirus-2 (SARS-CoV-2) ዝበሃል ኮይኑ መልዓሊ ሕማም ኮቪድ-19 (Corona Virus Disease 2019) እዩ።

ካብቶም መብዛሕቲኡ ግዜ ዝረኣዩ ምልክታት ሕማም ናይ ኮቪድ-19 ደረቕ ሰዓል፣ ረስኒ፣ ሕጽረት ምስትንፋስ ዝጥቀሱ ኮይኖም ከምኡ'ውን ግዝያዊ ስእነት ናይ ምሽታትን ምስትምቓርን እውን ዝሓውሱ እዮም። ዋላ ሓፈሻዊ ስምዒት ሕማም ምስ ቃንዛ ርእስን መሓውርን፣ ቃንዛ ገሮሮ ከምኡ'ውን ሰዓል ብተሓከምቲ ይግለጽ እዩ። ተሓከምቲ ብዛዕባ ናይ ከብድን መዓንጣን ጸገማት፣ ኵልመት ከምኡ'ውን ሕበጥ ሊምፍታት ሳሕቲ ይሕብሩ። ብድሓር ክመጹ ዝኽእሉ ጉድኣታት ኣብ ስርዓት መትንታት ወይ መትኒ-ልባዊ ስርዓት ከምኡ'ውን ንውሕ ዝጸንሑ ኣከያይዳታት ሕማም ይከኣሉ እዮም። ሽሕ'ኳ እቲ ኣከያይዳ ናይ’ቲ ሕማም ዝበዝሕ ግዜ ቅልል ዝበለ እንተኾነ ከምኡ'ውን መብዛሕትኦም ሕሙማት ብምልኡ ዝሕውዩ እንተኾኑ፣ ክብድ ዝበሉ ኣከያዳታት ምስ ነድሪ ሳንቡእ ብፍሽለት ኣገባብ ሳንቡእ ክሳብ ሞት ክበጽሑ ዝኽእሉ እዮም።

ኣብ መንጎ ምውጋድ ለበዳ ብምኽታል ሕጋጋት AHA + A + L (ርሕቐት ምሕላው፣ ጽሬት ምሕላው፣ መዓልታዊ ማስክ ምግባር፣ ናይ ኮሮና መጠንቀቕታ መተግበሪ ካብ ኢንተርኔት ምውርዳ ፣ ኩሉ ግዜ ምንፋስ) እቲ ክታበት ዝበለጸ ምክልኻል ካብ ሓደ ሕማም ይህብ እዩ።

## እንታይ ዓይነት ክታበት እዩ?

እዞም ኣብዚ ዝግለጹ ዘለው mRNA-ኮቪድ-19 ባእታታት ክታበት (Comirnaty® ካብ BioNTech/Pfizer ከምኡ'ውን COVID-19 Vaccine Moderna® ካብ Moderna) ሓደ ብ ስነ-ጂን ህንደሳ እሞ ተመሳሳሊ ብዝኾነ ሓድሽ ተክኖሎጂ ተመርኲሶም ዝስርሑ ባእታታት ክታበት እዮም። ተወሰኽቲ ናይ mRNA ነገራት ክታበት ይምርመሩ ኣለው፣ ግና ሕጂ ገና ፍቑዳት ኣይኮኑን።

mRNA (በተን-RNA ወይ መልእኽቲ ዝሰድድ ሪቦኑ-ኣቺዶ) ናይ "ንድፊ" ፕሮቲን ኣብ ኣካላትና እዩ ከምኡ'ውን ምስቲ ሰብኣዊ DNA/ዲ.ኤን.ኤይ ዝብሃል ሓበሬታ ውርሻ ዝተኣሳሰረ ኣይኮነን። ኣብቲ ክታበት mRNA ኣንጻር COVID-19 ናይ "ንድፊ" ንሓደ ንጽል መባእታ ቫይረስ (ስፓይክ-ፕሮቲን / Spikeprotein ይብሃል) ኣትዩ ኣሎ። እዚ ስፓይክ-ፕሮቲን ባዕሉ ዝኾነ ጉድኣት ክገብር ኣይክእልን እዩ። እቲ ክታበት ስለዚ ተለባዲ ኣይኮነን።

እቲ ኣብቲ ክታበት ተታሒዙ ዘሎ mRNA ኣብ ሰብኣዊ ሕንተ-ሰረት ተተኺሉ ዘይኮነ፣ ግና ኣብ ኣካላትና ድሕሪ ሓደ ክልተ መዓልትታት ክድምሰስ እዩ። ካብኡ ንየው ናይ ቫይረስ ፕሮቲን ኣይክፍጠርን እዩ።

እቶም ድሕሪ'ቲ ክታበት ካብ ኣካላት ናይቲ ዝተኸተበ ሰብ (ኣብ ናይ ጭዋዳ ዋህዮታት ኣብቲ ዝኽተበሉ ቦታ ከምኡ'ውን ኣብ ፍሉያት መከላኸሊ ዋህዮታት) ዝተቖሙ ስፓይክ-ፕሮቲናት ካብ ስርዓት ምክልኻል ብያነ ከም ጓና ፕሮቲናት ይፍለጡ፣ ብእኡ ፍልይ ዝበሉ መከላኸሊ ዋህዮታት ክውላዑ እዮም፡ ጸረ-ኣካላት ኣንጻር'ቲ ስፓይክ-ፕሮቲን ናይቲ ቫይረስ ከምኡ'ውን መከላኸሊ ዋህዮታት ክቖሙ/ክፍጠሩ እዮም። ብኸምኡ ዝከላኸል መልሲ ብያነ ተላዒሉ።

## እቲ ባእታ ክታበት ብኸመይ እዩ ዝወሃብ?

እቲ ባእታ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ምናት ጭዋዳ ክውጋእ እዩ። ንእኹል መከላኸሊ ክታበት እቲ ትሕዝቶ/ባእታ ክታበት ክልተ ሳዕ ክወሃብ ኣለዎ። ኣብ መንጎ 1ይን 2ይን ክታበት ብውሕዱ 3 ሰሙናት (Comirnaty®) ወይ 4 ሰሙናት (ኮቪድ-19 Vaccine Moderna®) ግዜ ኣፈላላይ ክህሉ ኣለዎ። ኣብ ክልተኦም ባእታታት ክታበት ኣብ መንጎ'ቶም ክልተኦም ክታበታት ግና ካብ 6 ሰሙናት ንላዕሊ ዝኾነ ግዜ ክግደፍ የብሉን። ኣብቲ 2ይ ክታበት ልክዕ ከም ኣብቲ 1ይ ክታበት ዘሎ ማዕረ ዝኾነ ባእታ ክታበት ካብቲ ማዕረ ሰናዒ ክጥቀም ኣለዎ።

## እቲ ክታበት ማዕረ ክንደይ ውጽኢታዊ እዩ?

እቶም ዝርከቡ ዘለው ባእታታት ናይ ኮቪድ-19-mRNA ኣብ ሓይሎም ከምኡ'ውን ኣብ መልስታት ክታበትን ጸገማትን ተመሳሰልቲ እዮም።

ካብቶም ካብ ሆስፒታል ዝመጹ መርመራታት መከላኸሊ ክታበት ካብ ግዜ 7 መዓልቲ (Comirnaty®) ወይ 14 መዓልቲ (ኮቪድ-19 Vaccine Moderna®) ድሕሪ'ቲ 2ይ ክታበት ክረጋገጽ ይከኣል። ብሕጂ ዝፍለጥ መርገጽ እቶም ባእታታት ኮቪድ-19- mRNA ልዕል ዝበለ ዋሕስ ክሳብ 95% (Comirnaty®) ወይ 94% (ኮቪድ-19 Vaccine Moderna®) ይህቡ። ናይ መጽናዕቲ ሓበሬታ ዝስዕብ የርኢ፥ ካብ ኮቪድ-19 ምሕማም ኣብቶም ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝተኸተቡ ሰባት ክሳብ 95% ወይ 94% ካብቶም ዘይተኸተቡ ሰባት ዝወሓደ ኔሩ። እዚ ማለት፥ ሓደ ብባእታ ኮቪድ-19 ዝተኸተበ ሰብ ምስቲ መልዓሊ ርክብ እንድሕር ጌሩ፣ ብልዕል ተኽእሎ ኣይክሓምምን ማለት እዩ። እዚ መከላኸሊ ክታበት ንክንደይ ግዜ ከምዝጸንሕ ከምኡ'ውን እቲ ዝተኸተበ ሰብ ነቲ ቫይረስ ክዝርግሕ እንተዝኽእል ኣብ ሕጂ ግዜ ገና ኣይፍለጥን እዩ። እቲ መከላኸሊ ብቐጥታ ድሕሪ'ቲ ክታበት ስለዝጅምር ከምኡ'ውን ኣብ ኩሎም ዝተኸተቡ ሰባት ስለዘይሰርሕ፣ ዋላ'ኳ እቲ ክታበት ዝተገብረ፣ እስኹምን ከባብኹምን ክትከላኸሉ ኣድላይ እዩ፣ ሕጋጋት AHA + A + L እናተኸተልኩም።

## ካብቲ ክታበት ብፍላይ መን እዩ ዝኸስብ?

ባእታታት ኮቢድ-19-mRNA ን16 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዝዕደሙ ሰባት (Comirnaty®) ወይ ነቶም ልዕሊ 18 ዝዕደመኦም ሰባት (ኮቪድ-19 Vaccine Moderna®) ፍቑዳት እዮም። ኣብ መጀመርታ ግና እኹል ነገራት ክታበት ንቀለብ ኩሎም ሰባት ስለዘየለው፣ እቶም ዝስዕቡ ሰባት ቅድም ክኽተቡ ኣለዎም፥ ብፍላይ ልዕል ዝበለ መጠን ረኽሲ ወይ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ኣከይዳ ኮቪድ-19 ዘለዎም ሰባት (ን ኣረገቶት ሰባት ማለት'ዩ)፣ ብሰንኪ ስርሖም በቲ ረኽሲ ናይ ምልካፍ ዕድሎም ልዕል ዝበሎም ሰባት፡ SARS-CoV-2 ዘለዎም ሰባት፣ ወይ ብሰንኪ ስርሖም ብፍላይ ምስ ናይ ኮቪድ-19 ዝተደንገቱ ሰብ ርክብ ዘለዎም ሰባት። እዚ ናይ STIKO ግምገማ እዩ (ቀጻሊ ኮሚሽን ክታበት ኣብ Robert-Koch-Institut) ብምኽባር ኩነታት ኣገዳስነት ናይ ዝተሰርሑ ሰነዳት ብሓባር ምስቲ ናይ ጀርመን ዋዕላ ሞራል/ኤቲክስ ከምኡ'ውን ናይ ለኦፖልዲና/Leopoldina.

**ክታበት ንመን ክወሃብ ኣይግባእን?**

ኣብዚ ሕጂ ግዜ ገና ፍቓድ ናይ ባእታ ክታበት ዘይተወሃበሎም ትሕቲ 16 ዝዕደመኦም ቆልዑትን መንእሰያትን ክኽተቡ የብሎምን።
ረስኒ ዘለዎ ከቢድ ሕማም ዘለዎ ሰብ (38.5°Cን ካብኡ ንለዓልን) ጥራይ ድሕሪ ሕውየት ክኽተብ ኣለዎ። ግን ሰዓል ወይ ቅሩብ ልዕል ዝበለ ዋዒ (ትሕቲ 38.5°C ዲግሪ) እንተሎ እቲ ክታበት ክግበር ይከኣል እዩ። ልዕለ ተኣፋፍነት ኣብ ገለ መባእታ ክታበት እንድሕር ኣሎ፣ ክኽተብ የብሉን፥ ዝኾነ ቁጥዐ/ኣለርጂ እንተዘለኩም ንሓኪም ክታበት ቅድሚ ምኽታብ ንገርዎ/ዋ ንላበወኩም። ድሕሪ 1ይ ክታበት ናይ ቁጥዐ ግብረ መልሲ (ኣናፊላክሲ) ዝነበሮ ሰብ ነቲ 2ይ ክታበት ክወሃብ የብሉን።

ልበዳ ምስ ሓድሽ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ብሕሉፍ ዝተረጋገጸሎም ሰባት፣ እዚኦም ንሕጂ ክኽተቡ ናይ ግድን ኣየድልዮምን። ኣብ ሕሉፍ ልበዳ ኣሕሊፍካ እንተኔርካ ግና እቲ ክታበት ድንገት ከምዝኾነ ምልክታት የለውን። እዚ ቅድሚ'ቲ ክታበት ምፍጻም ዝኾነ ሕክምናዊ ኣድላይነት የለን ማለት'ዩ።

ናይ ምጥቓም ባእታታት ኮቪድ-19-mRNA ኣብ ግዜ ጥንስን እዋን ምጥባውን ገና እኹላት ተመኩሮታት ኣይተቐረቡን።
STIKO ብሓፈሽኡ ክታበት ኣብ ግዜ ጥንሲ ሕጂ ኣይመከርን እዩ። ኣብ ጉዳያት ናጽላታት ንብርቱዕ ኣከያይዳ ሕማም ኮቪድ-19 ልዕል ዝበለ ረኽሲ ዘለዋ፣ ቅድሚኡ ሕማም ዝነበረን ጥኑሳት ክታበት ክቕርበለን ይከኣል እዩ። ቅድሚኡ ግን ውልቃዊ ዝኾነ ሓደጋ-ጥቕምን ገምጋም ክግበር ከምኡ ድማ ሰፊሕ መግለጺ ክቕረብ ኣለዎ።
እታ ኣደ ኣብ ግዜ ምጥባው ክታበት ትገብር እንተኾነት ነቲ ናጽላ ብርእይቶ STIKO ተኽእሎ ረኽሲ የብሉን።

**ቅድምን ድሕርን ክታበት እንታይ ክገብር ኣለኒ?**

ድሕሪ ቅድም ዝተገብረ ክታበት ወይ ብካልእ ስሪንጋ ወነኹም እንድሕር ኣጠፊእኹም ኔርኩም ወይ ቀጥታዊ ቁጥዐ እንተዘለኩም፣ እዚ ነቲ/ነታ ሓኪም ክታበት ቅድሚ ምኽታብ ንክትነግርዎ/ዋ ንላበወኩም። ሽዑ ንሱ/ንሳ ድሕሪ'ቲ ክታበት ምናልበት ንነዊሕ ግዜ ክዕዘበኩም ይ(ት)ኽእል።

ካብ ካልኦት ክታበታት ብውሕዱ 14 መዓልትታት ግዜ ኣፈላላይ ክህሉ ኣለዎ።

ድሕሪ'ቲ ክታበት ኣዕሪኹም ከተጥንቀቑ ኣየድልየኩምን።

ቃንዛታት ወይ ረስኒ ድሕሪ ክታበት እንተዘለኩም ("ኣየኖት መልስታት ክታበት ድሕሪ ምኽታብ ከጋጥሙ ይኽእሉ፧" ረኣዩ) ንቃንዛ/ረስኒ ዘግዱሉ መድሃኒታት (ንኣብነት. ፓራሰታሞል) ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም። ናይ ውልቀ ሓኪምኩም ብዛዕባኡ ክ(ት)መኽረኩም ይ(ት)ኽእል።

**ኣየኖት መልስታት ክታበት ድሕሪ ምኽታብ ከጋጥሙ ይኽእሉ?**

ድሕሪ ክታበት ምስቲ ባእታታት mRNA ኣካላትና ምስቲ መባእታ ክራኸብ እንከሎ ከባብያውያንን ሓፈሻውያንን መልስታት ከልዕል ይኽእል። እዞም ግብረ መልስታት ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ውሽጢ 2 መዓልትታት ድሕሪ'ቲ ክታበት ከጋጥሙ ይኽእሉ ከምኡ'ውን ዝያዳ 3 መዓልትታት ሳሕቲ እዮም ዝጸንሑ። Comirnaty®፥ እቶም ብዝበዝሐ ዝተሓበሩ መልስታት ክታበት ኣብ ክሳብ ሕጂ ብዙሕ ወርሒታት ዝገበረ መዕዘቢ ግዜ እቶም ዝስዕቡ ኔሮም፥ ቃንዛ ኣብ መወግኢ በታ (ካብ 80% ንላዕሊ)፣ ድኻም (ካብ 60% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ ርእሲ ከምኡ'ውን ምንቅጥቃጥ ቁሪ ( ካብ 30% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ መሓውር (ካብ 20% ንላዕሊ)፣ ረስኒ ከምኡ'ውን ሕበጥ ኣብቲ መወግኢ በታ (ካብ 10% ንላዕሊ)። ብዙሕ ግዜ (ካብ 1% ክሳብ 10%) ስግድግድን ምቕያሕን ኣብቲ መወግኢ በታ ኣጋጢሙ ነይሩ።

ሓደሓደ ግዜ (ካብ 0.1% ክሳብ 1%) ሕበጥ ሊምፍታት፣ ምስኣን ድቃስ፣ ቃንዛ ኣብ ምናት ወይ እግሪ፣ ቀጨውጨው ከምኡ'ውን ምስሓይ ኣብቲ መወግኢ ቦታ ዘጋጥሙ እዮም።

ኮቪድ-19 Vaccine Moderna®፥ እቶም ብዝበዝሕ ዝተሓበሩ ግብረ መልስታት ክታበት ኣብ ክሳብ ሕጂ ክልተ ወርሒ ዝገበረ መዕዘቢ ግዜ እቶም ዝስዕቡ ኔሮም፥ ቃንዛ ኣብ መወግኢ ቦታ (ካብ 90% ንላዕሊ)፣ ድኻም (ካብ 70% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ ርእስን ጭዋዳን (ካብ 60% ንላዕሊ)፣ ቃንዛ መሓውርን ምንቅጥቃጥ ቁርን (ካብ 40% ንላዕሊ)፣ ስግድግድ ወይ ምትፋእ (ካብ 20% ንላዕሊ)፣ ሕበጥ ሊምፍታት ኣብ ትሽቱሽ፣ ረስኒ፣ ሕበጥን ምስሓይን ኣብቲ መወግኢ ቦታ (ዝያዳ 10%)። ብዙሕ ግዜ (ካብ 1% ክሳብ 10%) ብዘዕባ ሓፈሻዊ ፍሮማይ ከምኡ'ውን ኣብቲ መወግኢ ቦታ ነድርን ሕማም ቈርበትን/ ኡርቲኮርያ ተሓቢሩ ኔሩ። ሓደሓደ ግዜ (ካብ 0.1% ክሳብ 1%) ናይ ምስሓይ ስምዒት ኣብቲ መወግኢ ቦታ ኣጋጢሙ ነይሩ።

እቶም ዝበዝሑ ግብረ መልስታት ኣብ እርግ ዝበሉ ሰባት ካብ ኣብ ንእስ ዝበሉ ሰባት ቀሩብ ሳሕቲ ይረኣዩ። መልስታት ክታበት ብዝበዝሕ ግዜ ቀሊል ወይ ማእከላዊ ይፍጸሙ ከምኡ'ውን ድሕሪ'ቲ ካልኣይ ክታበት ቀሩብ ዝያዳ ይቕልቀሉ።

**ኣሉታዊ ሳዕቤናት ክታበት ካጋጥሙ ዶ ይኽእሉ?**
ጸገም ክታበት ካብቲ ልሙድ ዝብርታዐ ግበረ መልሲ ክታበት እዩ፣ እዚ ሳዕቤን ሽዑ ንጥዕና ናይቲ ዝተኸተበ ሰብ ብዕቱብ ክጎድእ ይኽእል።

ኣብቶም ሰፍሕቲ መርመራታት ሆስፒታል ቅድሚ'ቲ ፍቓድ ድሕሪ ምሃብ Comirnaty® 4 ጉዳያት (ካብ 0.1% ክሳብ 0,01%) ክሩር ልምሰት ገጽ ተራእዩ ኔሩ፣ እዚኦም ኣብ ኩሎም ጉዳያት ድሕሪ ሓደ ክልተ ሰሙናት እናጐደሉ ዝኸዱ እዮም። እዚኦም ልምሰታት ገጽ ምናልባት ምስቲ ክታበት ብመበቈል ዝተኣሳሰሩ እዮም።
ኣብቶም ሰፍሕቲ መርመራታት ሆስፒታል ቅድሚ'ቲ ፍቓድ ድሕሪ ምሃብ ኮቪድ-19 Vaccine Moderna® 4 ጉዳያት ከቢድ ልምሰት ገጽ ተመርሚሮም ኔሮም፣ 1 ጉዳይ ካብዚኦም ኣብ ጉጅለ ቍጽጽር ናይ እቶም ዘይተኸተቡ ኣጋጢሙ ነይሩ። ኣብ ኩሎም እዚኦም ጉዳያት እቲ ልምሰት ገጽ ድሕሪ ሓደ ክልተ መዓልትታት እናጐደለ ከይዱ እዩ። እዚኦም ናይ ገጽ ልምሰታት ምስቲ መበቈላዊ ክታበት ዝተኣሳሰሩ እንተኾይኖም ብቀጻሊ ይምርመር ኣሎ። ኣብ ሳሕቲ ጉዳያት ናይ ልዕለ-ተኣፋፍነት መልስታት (2 ጉዳያት ሕበጥ ገጽ) ተራእዮም ኔሮም።

ካብ ምጅማር እቲ ክታበት መልሲ ዝለዓለ ተኣፋፍነት ኣዝዩ ሳሕቲ ዘጋጥም እዩ ነይሩ። እዚ ድሕሪ እቲ ክታበት ኣብ ሕጽር ዝበለ ግዜ ተቕልቂሉ ከምኡ'ውን ብሓኪም ክሕከም ኔርዎ። ብመሰረት ግና - ከም ኣብ ኩሎም ባእታታት ክታበት - ሳሕቲ ናይ ቁጥዐ ቀጥታዊ መልሲ ክሳብ ስምባደ ወይ ካልኦት ክሳብ ሕጂ ዘይተፈልጡ ጸገማት ምናልባት ክቕልቀሉ ዝኽእሉ እዮም።
ድሕሪ ሓደ ክታበት ምልክታት ካብ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ቀልጢፎም ዝሓልፉ ሓፈሻውያን መልስታት፡ እንድሕር ተቕልቂሎም፣ ናይ ክታበት ሓኪምኩም ውን ናይ ግድን ክ(ት)መኽረኩም እዩ/እያ። ብርቱዓት ጸገማት እንተለው ብቕልጡፍ ኣብ ናይ ሓኪም ሕክምና ኪዱ ብኽብረትኩም።

ጐድናዊ ሳዕቤናት ዋላ ባዕልኹም ክትሕብሩ ኣማራጺ ኣሎ፥ https://nebenwirkungen.bund.de

**ንመወሰኽታ እዚ መሓበሪ ወረቐት'ዚ እቲ ሓኪም ክታበት ናይ መግለጺ ዝርርብ የቕርበልኩም እዩ።**

ምልክታታት፥

ክታም ሓኪም

ክታም ናይቲ ክኸተብ ዘለዎ ሰብ (ወይ ናይቲ ሕጋዊ/ት ወኪል)

ትካል Paul-Ehrlich-Institut (PEI) መሕተት ብዛዕባ ተጻዋርነት መባእታታት ክታበት ንምክልኻል ኣንጻር እቲ ሓድሽ ኮሮናቫይረስ (SARS-CoV-2) ብናይ SafeVac 2.0 ዝብሃል ሞባይል መተግበሪ የካይድ እዩ። እቲ መጠይቕ ወለንታዊ እዩ።

Google Play App Store App Store Apple

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ከምኡ'ውን ብዛዕባ ክታበት ኮቪድ-19 ኣብ ዝስዕብ ትረኽቡ

www.corona-schutzimpfung.de
www.infektionsschutz.de
www.rki.de/covid-19-impfen
www.pei.de/coronavirus

ሕታም 1 ትርጓም 003 (መርገጽ 11 ጥሪ 2021)

እዚ መግለጺ ቅጥዒ ብናይ ጀርመን ቀጠልያ መስቀል (Deutsches Grünes Kreuz e.V.) ኣብ ማርቡርግ (Marburg) ብምትሕብባር ኣብ በርሊን (Berlin) ዝርከብ ትካል ሮበርት ኮኽ (Robert-Koch-Institut) ተሰሪሑ ከምኡ'ውን ብመሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ። እዚ ቅጥዒ ጥራይ ንዘይንግዳዊ ጥቕሚ ዝዝርግሕ እንተኾይኑ ይፍቀድ እዩ፣ ጥራይ ሽዑ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ይፍቀድ። ዝኾነ ምስራሕ ወይ ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን።

in Kooperation mit

ROBERT KOCH INSTITUT

# ሕክምናዊ ታሪኽ ንመከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 (Corona Virus Disease 2019) – ምስ ናይ ክታበት ባእታ mRNA –

**1. ንስኹም[1] ኣብዚ ሕጂ ግዜ ከቢድ ዝኾነ ሕማም ምስ ረስኒ ኣለኩም ዶ?፧**

0 እወ 0 ኣይፋል

**2. ንስኹም[1] ኣብ ግዜ እቲ 1ይ ክታበት ኮቪድ-19 ዝወሰድኩሙሉ፥ ድሕሪ ምውሳድኩም ናይ ኣለርጂ ግብረ መልሲ ኣማዕቢልኩም ኔርኩም ዶ?**

0 እወ 0 ኣይፋል

**3. ንስኹም[1] ሕዱራት ሕማማት ወይ ድኻም ምክልኻል ሕማም ሰብነት ኣለኩም ዶ?**(ንኣብነት. ብሰንኪ ኬሞቲራፒ ሕክምና፣ ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ሰብነት ዘዳኽም ሕክምና ወይ ብካልኦት መድሓኒታት)

0 እወ 0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት

**4. ንስኹም[1] ናይ ደም ምርጋእ ጸገም ኣለኩም ዶ ወይ ንደም ዘቕጥኑ መድሓኒታት ትውስዱ ዲኹም?**

0 እወ 0 ኣይፋል

**5. ንስኹም[1] ቅድሚ ሐዚ ዝፍለጥ ናይ ቁጥዐ ግበረ መልሲ ሰብነት ወይ ኣለርጂ ኣለኩም ዶ?**

0 እወ 0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት

**6. ኣባኹም[1] ኣብ ሕሉፍ ብዝተገብረ ካሊእ ዓይነት ክታበት ናይ ቁጥዐ ኩነታት፣ ልዕል ዝበለ ረስኒ፣ ጉዳያት ምጥፋእ ወኒ ወይ ካልኦት ዘይንቡራት ግብረ መልስታት ኣጋጢሞምኹም ዶ ነይሮም?**

0 እወ 0 ኣይፋል

እንድሕር ኣለኩም፣ ኣየኖት

**7. ነተን ኣብ ክወልዳሉ ዝኽእላ ዕድመ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ፡ ንስኽን[1] ጥንሲ ዶ ኣለክን እዩ ወይ ተጥብዋ ዲኽን?**

0 እወ 0 ኣይፋል

**8. ንስኹም[1] ኣብቶም ዝሓለፉ 14 መዓልትታት ተኸቲብኩም ዶ ኔርኩም፧** ______________

0 እወ 0 ኣይፋል

**9. ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝቖንዐ ክታበት ተዋሂቡኩም[1] ዶ?**

0 እወ 0 ኣይፋል

እንተተዋሂቡኩም፣ መዓስ ከምኡ'ውን እንታይ ዓይነት ባእታ ክታበት እዩ ነይሩ፥

ዕለት፥ ባእታ ክታበት፥

*(ብኽብረትኩም፡ ናብ ቦታ ቆጸራ፡ ናይ ክታበት ካርድኹም ወይ ካልእ መረጋገጺ ናይ ክታበት ተማሊእኩም ምጹ)*

[1]ምናልባት እዚ በቲ ሕጋዊ ወኪል መልሲ ክወሃበሉ ዝኽእል እዩ

# ውዕል/መግለጺ ስምምዕ ንመከላኸሊ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 (Corona Virus Disease 2019) – ምስ ናይ ክታበት ባእታ mRNA –

ስም ናይቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ (ስም-ስድራ፣ ቀዳማይ-ስም)፥

ዕለት ልደት፦

ኣድራሻ፦

እቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ ስምምዕ ክህብ ዘይክእል እንተኾይኑ፣ ስምምዕ ምስቲ ክታበት ወይ እብያ ክታበት ብሕጋዊ ወኪል ክፍጸም'ዩ። ኣብ ሸው ጉዳይ ኣስማትን ሓበሬታ ርክብን ናይቲ ሕጋዊ ሰብ ወኪል እንተላይ ክሕበር ይግባእ፥

ናይ ስድራ ስም፣ መጸውዒ ስም፦

ቁ. ተሌፎን፦ ኢመይል፦

ትሕዝቶ ናይ'ዚ መግለጺ ሰነድ ሓበሬታ ተረዲኣ ኣለኹ ከምኡ'ውን ሰፊሕ ዝርርብ ምስ ሓኪመይ ክታበት ክካይድ ኣማራጺ ኔሩኒ።

- ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶ የብለይን።
- ምስቲ ዝተመኽረ መባእታ mRNA ዘለዎ ክታበት ኣንጻር ኮቪድ-19 ተሰማሚዐ ኣለኹ።
- እቲ ክታበት እነጽጎ ኣለኹ።
- ንሕክምናዊ መግለጺ ዝርርብ ብግሉጽ እነጽጎ ኣለኹ።

ምልክታታት፥

ቦታ፣ ዕለት፥

ክታም ናይ’ቲ ዝኽተብ ሰብ
ወይ ክእለት ስምምዕ ናይ’ቲ ክኽተብ ዘለዎ ሰብ እንተዘየለ፥
ክታም ናይቲ ሕጋዊ ሰብ ወኪል
(ሞግዚ/ት፣ ሕጋዊ ተሓታቲ/ት ክንክን ወይ ኣላይ/ት)

ክታም ናይቲ/ታ ሓኪም

እዚ ናይ ተዝካርን ስምምዕን ቅጥዒ ብናይ ጀርመን ቀጠልያ መስቀል (Deutsches Grünes Kreuz e.V.) ኣብ ማርቡርግ (Marburg) ብምትሕብባር ኣብ በርሊን (Berlin) ዘሎ ትካል ሮበርት-ኮኽ (Robert-Koch-Institut) ተሰሪሑ ከምኡ'ውን ብመሰል ደራሲ ዝተሓለወ እዩ። እዚ ቅጥዒ ጥራይ ንዘይንግዳዊ ጥቕሚ ዝዝርግሕ እንተኾይኑ ይፍቐድ እዩ፣ ጥራይ ሽዑ ናብ ካልእ ክመሓላለፍ ይፍቐድ። ዝኾነ ምስራሕ ወይ ምቕያር ፍቑድ ኣይኮነን።

ኣሰናዲ ቀጠልያ መስቀል ጀርመን e.V.፣ ማርቡርግ

ብምትሕብባር ምስ Robert-Koch-Institut፣ በርሊን

ሕታም 001 ትርጓም 003 (መርገጽ 2 ለካቲት 2021)